# መሰረት ሃገር: ዓዲ።

## 9ይ ክፋል 11.08.2006 ዓ.ም

ዓደይ ኣከለ ጉዛይ ምስ ኅቦኺ እምብሶይራ፡ ሓበን ናይ ደቀባት ኣኽራናት ኤርትራ፡ ዓላ ምስ ሃዘሞ መሬት እኽሊ ኣዝመራ፡ ናፊቐያ'ሎኹ ዓደይ ብሓበራ።
ዓደይ ባርካ ኣቑርደት ተሰነይ ባረንቱ፡ መሬት ዓርኮብ-ኮባይ፡ ዓደይ ሳሕል፡ ቃሮራ ምስ ናቕፋ፡ መሬት ዓርኮብ-ኮባይ፡ ሰኒሒት ዓደይ ምሬት መንሳዕ፡ ምስ ሩብ ዕንሰባ፡ ኣየወ ዓካተይ በሊዐ ክሰቲ ከሎኹ ማይ፡ ናፊቐኩም ሎሚስ ከመ'ሎኹም ኵልኹም ደቂ ዓደይ፡ ክስታናይ ኣስላማይ? ዓደይ ሓማሰን ምስ ከተማ ኣስመራ፡ መሬት ከበሳ፡ ካርናሽም ድንበዛንን መሬት ከበሳ፡ ምስ ሰመናዊ ባሕራ ዓዲ ስርናይ ዓዲ ስገም፡ ዕፉን ምስ ድንሽ ዝሕፈሳ፡ ትርኣየኒላ ዓደይ ወላዲት ኣንበሳ። ዓደይ ጽልማ ሰራየ መሬት ማይ ተኸላ፡ ምስ ደንበላስ ቍሓይን ዓናግር ዕቦላ፡ ዓይላይ ምስ ጕንደተ፡ ለምለም ዓዲ ኳላ፡ ናፊቐያ'ሎኹ ዓደይ ብሓበራ። ዓደይ ቀይሕ ባሕሪ ግንዳዕ ሃሩር ዘየድክሞ፡ ምጽዋዕ ዓሰብ ጸሓይ የዘድክሞ፡ ናፊቐዮም ሎምስ ደቂ ዓደይ ዓቢ ምስ ንእሽቶ።

ሓደ እዋን ኣብ ኤርትራ፡ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ፡ ሃይማኖቱ ክርስትያን: ኣብ ሓንቲ ኣካል ሓንቲ ወረዳ ዝኾነት ዓዲ ዝነብር ዝነበረ፡ ንሓደ ዕብይ ዝበለን፡ ኣብ ምስልምና ዝኣምንን ኣብቲ ዓዲ ዝነብር ዝነበረን ዓርኩ፡ ከምዚ'ሉ ሓተቶ ይብሃል።…"ኣንታ ዓርከይ ትማሊ ሰንበት ደኣ ኣበይ ኣርፊድካ ኣይረኣኹኻን"? ኢሉ ምስ ሓተቶ፡- እቲ ዓርኩ ኣስላማይ ከኣ ከምዚሉ መለሰሉ፡- "ኣብ ቤተ-ክርስትያን ከይደ ነይረ":: እቲ ክርስትያን ሰብኣይ ከኣ "እንታይ ክትገብር"? ኢሉ ሓተቶ። እቲ ኣስላማይ ከኣ "ክቖርብ" በሎ። እቲ ክርስትያን ከኣ "ብሓቅኻ ዲኻ? እስከ መሓለለይ"? ኢሉ ደጊሙ ሓተቶ። እቲ ኣስላማይ ግን "ወላህ ክቖርብየ ከይደ ነይረ" በሎ ይብሃል።

እሞ ነዘን በዞም ክልተ ዓበይቲ ሰባት፡ ኣብ ላዕሊ ቀሪበን ዘለዋ ሕቶን መልስን ከም ኣብነት ወሲድና፡ ነዞም ብዙሓት ኤርትርውያን ውድባት፡ ኣብዚ መወዳእታ ወርሒ ሓምለን፡ መጀመርያ ወርሒ ነሃሰን፡ በበይኖም ኮይኖም ሰሚናራትን ጉባኤታትን ፈስቲቫላትን ከነካይድ ቀኒና ዝብሉ ዘለው፡ ተፋላሊኹም ሰሚናራትን ጉባኤታትን ብምክያድ፡ ንመንግስቲ ህግዲፍ ካብ ስልጣኑ ከተልግስዎን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ካብዚ ወሪዱዎ ዘሎ ስቓይ ሓራ ከተውጽእዎስ ብሓቅኹም ዲኺም፡? ኢልና እንተንሓቶምስ እንታይኮን ምመለሱልና? ልክዕዩ እዚ ሕቶዚ ከም ጽውጽዋይ ኮይኑ ይቕረብ እንበር፡ ብሓቂ እዋናዊ ሕቶ እዩ። እዘም ውድባት እዚኣቶም ግን፡ እዋናዊ መልሲ ዘይኮነስ፡ ንዕኣም ከምዝጥዕሞም ገሮም፡ "ወላህ ንህዝቢ ኤርትራ ከነድሕኖ ኢልና ኢና" ኢለም ተጠሊያም ምመለሱ ነይሮም። ከምኡ ኢሎም ከይሓፈሩ ክምልስዎ ከምዝኽእሉ ከኣ ጥርጥር የብልናን። ከነድሕኖ ኢና ኢሎም ክምልሱልና ይኽእሉ እዮም። መሰሎምዩ'ውን እዩ። ግን ንሕና ከኣ ብሓቅኹም እንተኮንኩምስ ጽባሕ ንርኤኩም፡ ኢልና ጥራይ ክንሓልፎ ኣይግብኣናንዩ። እቲ መልሰን ከምዛ ኣብ ላዕሊ፡ በቶም ዓቢ ሰብኣይ ኣስላማይ፡ ነቶም ዓቢ ሰብኣይ ክርስትያን፡ ዝመለሰሉ መልሲ ተረዲእና፡ ብትብዓት ክንምክቶም ሓላፍነትና ክኸውንዩ። ነዚ ዘይንገብር እንተድኣ ኰንና ግን፡ ብዛዕባ ሃገርና ክንዛረብውን ኣዝዩ ከሕፉረና እዩሞ እስከ ንሕሰበሉ።

ልክዕዩ "ንዓሻን ደርጕሓሉ ክንደይ ከይበጽሖ፡ ንለባም ከኣ ኣምተሉ ክንደይ ከይስሕቶ" ከምዝብሃል፡ ኣብዚ ወርሓትዚ በተን ዝተፋላለይ ዳርጋ ቍጽረን 4 ዝኾና ውድባት "ጉባኤታትዶ ፈስቲቫላትዶ" ኢለን፡ ኣብ ዝተፋላለያ ከተማታት ኢውሮጳ ከካየዳ ክንዕዘብ ጸኒሕና ኢና። ንኣብነት ካብ 25 ክሳብ 29 ሓምለ 2006 ዓ.ም.፡ ኣብ ሃገረ ጣልያን ከተማ ሚላኖ፡ ብሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ጉባኤ ተኻይዱ። ኣብ ካስልውን መበል 21ን ፈስቲቫል ካብ ዕለት 27.07.2007 ክሳብ 01.08.2006 ብሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝጽዋዕ ውድብ፡ ማለት ሓደ ግማዕ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፡ ዘዳለዎ ፈስቲቫል ተኻይዱ። ከምኡውን ኣብ ሃገረ ጀርመን፡ ኣብ ከተማ ማንሃይም ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ህደግኤ-ሳግም) ዝብሃል ውድብ፡ ብደርጃ ኤዉሮጳ ተኻይዱ። ኣብ ሃገረ ጀርመንውን፡ ካብ ዕለት 04 ክሳብ 06 ሓምለ 2006 ዓ.ም መበል 21ን ፈስቲቫል ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ተባሂሉ፡ መስፍን ሓጎስ ተዓዲሙ ዝተኻፈለሉ ኣኼባ ተኻይዱ። ውጽኢቱ ግን እቶም ተስፋ ዘይቆርጹን ዘይሕለሉን፡ ኣብቲ ሰሚናራት ዝተኻፈሉ መሰረታውያን ሃገራውያን ተኻታቲሎሞ

ስለዘለው፡ ባዕሎም ይፍረዱዎ። ንህዝብና ግን ሕቡእ ከምዘይኮነ ንኹሉ ብሃገሩ ዝግደስ ወዲ ዓዲ ብሩህ እዩ።

ብተወሳኺውን ብመርበብ ሓበረታታት ከምዝተሓበረ፡ እቶም ኣብ ኢንተርነት እትበጽሑ ግዱሳት ዜጋታት፡ ተኻታቲልኩም በጺሕኩሞ ክትኮኑ ተስፋ ንገብር። ብወገና ግን እሞኽኣ ኣብዚ እዋንዚ፡ ሕብረትን ሕድገታትን ዝጥለበሉ እዋን፡ ኣብ ዝተፋላለያ ውድባት ዘዳለውኦ ጉባኤ ድዩ ፈስቲቫል ብዘየገድስ፡ ዜናን ሓበሬታን ከነተሓላልፍ ክንጓየየ ብፍጽም ኣይመረጽናን፡ ቅኑዕ ኮይኑ ከኣ ኣይተራእየናን። ከምኡውን ግዜን ቁጠባዊ ትሕዝቶን ስለዘይፈቕደልና እዩ።ብሓደ ተሰማሚዖም ኣብ ሓደ ዳስ እንተዝገብሩዎ ነይሮም ግን፡ ኣሰይ እናበልና ምተዋናጨፍናሉን፡ ብሰፊሑ ድኻምና ከይጸብጸብና፡ ንህዝብና ምሓበርናዮ ነርና። ከምኡ ክንገብር ዘይመረጽና ኣውራ መኽንያት ከኣ፡ ራእዩናን ሸውሃትናን፡ ካብቲ ተስፋ ዘይቆርጽን ዘይሕለልን ህዝብና፡ ዘይፍለ ስለዝኾነ: ንህዝብና ከነዕሽዎን ክንጥብሮን ሕልናና ስለዘፈቕደልና እዩ። ነቶም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ውድባት ከይተሓለሉ ዝቃለሱ ዘለው፡ መሰረታውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ግን፡ ደድሕሪ መሪሕነታት ብዙሓት ውድባት ለመም ካብ ብምባል፡ ካብ ገዛእ ርእሶም ተላዒሎም እሞ ብትብዓት፡ ንዝሓለፉ ተመኩሮታት መሪሕነት ኣወንታዊን ኣሉታዊን ሸነኻቱ መዚኖምን ገምጊሞምን ወሲኖም ክቅወሙን ክምክቱን ንላበዎም። ካባኡ ሓሊፉ፡ ከምቲ ሓደ ቐልዓ ምስ ኣዲኡን እቦኡን ንመገሻ ክገይሽ እንከሎ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጕዕዞ ድኻም ምስ ተሰምዖ፡ ነዲኡ፡ “ኣደ ደኺመ’ምበር ኣበይከ ኢና ክንሓድር“፡ ኢሉ ምስ ሓተታ፡ “ኣቦኻ ኣብ ዘደቀሱና“ ዝበለቶ፡ ክኸውንዩ ማለትዩ። ስለዚ እዞም ኩሎም ኣብ ዝተፋላለያ ውድባት፡ ተወዲቦም ዘለው መሰረታውያን ከኣ፡ ከምዚ ታሪኽ ናይዚ ቆልዓ ከይኮውን ታሪኾም፡ ካብ ሕጂ ተበራቢሮም፡ ብሓባርን ብትብዓትን ብሓዲሽ ራእዩን ስትራተጂን ቀይሶም፡ እንታይ ንግበር ክብሉን፡ ክምክቱን ግዜ ይጠልቦም ከምዘሎ ደጊምና ከነተሓሳስቦም ንግደድ። ከማኡ ክገብሩ ምስዝፍትኑ ጥራይ ኢና ኩላትና፡ ነቲ ዘይሓፍር፡ ኣብታ ዞባ ማእከል ኢሉ እጠሚቑዋ ዘሎ፡ እታ ካብ ጥንቲ ጀሚራ፡ ዋና ከተማ ኣውራጃ ሓማሴንን፡ ርእሲ ከተማ ኤርትራን ዝነበረት፡ ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተወጢሑ፡ እምቢ ኣይወርድን ኣናበለ፡ ወለዶና ዘጽንት ዘሎ ልኡኽ ሳጥናኤል፡ መንግስቲ ህግዲፍ፡ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና መኪትና፡ ከነልግሶሞ፡ ዓድና ንኣትወሉ መንግዲ ብሓባር ኮንና ንኽንጸርግን ጥራይ እዩ ድልየት ኵልና። ሽዑ ኣብታ ኩልና ንብህጋ ዓድና፡ ሰሚርና ኣቲና፡ ግዓት ክርዳድ ውጻእ ግዓት ስርናይ እቶ፡ እንብለሉ ዕለት ኽንርኢ እንክንበቅ። ህዝብና ከኣ ራእዩኡን ትምኒቱን ንኽትግበር ዝኽእል። ኩላትና ኤርትራውያን፡ ባህግናን ትምኒትናን ጻዕርናውን ንሱ ይመስለና። መኽንያቱ ከኣ ብሕልፊ ኣብዚ ዘሎናዮ ክፉእ እዋንዚ፡ ኣብ ኤርትራ ኩላትና ኤርትራውያን፡ ሓቢርና እንተዘይመኪትና፡ ከምዚ ዘሎናዮ እንተቀጺልና ግን ክሓልፈልና ከምዘይክእል ስለዝተገንዘብና ኢና።

ብዙሓት ውድባት በበይነን ኮይነን ንቃለስ ኣሎና፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ከነውርዶ ኢና ክብላና ከለዋ፡ ኣይፋልክንን ህዝብና ዝመርሖን ዝኣልዮን ባዕሉ ካብ ማእከሉ ምሕራይ ኣይጽግሞን እዩ፡ ዕማምክን ንጹር ስትራተጂ ኣውጺእክን፡ ንህዝቢ ምጥርናፍን ምውዳብን ጥራሕ ይኹን።ካብዚ ሓሊፍካ ዝግበር ስራሕን፡ ዝግበር ሰሚናርዶ ፈስቲቫል ግን ህዝብና፡ “ኣብታ ብርኵታ እምኒ ኣላታ ኢሉ ጥራይ እዩ ክሓስብ ዝኽእል። ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ፡ ኣብዚ እዋንዚ፡ ዘየዕውትን መድረኹ ዝሓለፈ እስትራተጂን ኣጀንዳን፡ ኣብ ቀዳድ ሳንጣኻ ተኾልኵልካ፡ ንነብስኻ ኣሪግካ ንህዝቢ ከተእርግ ገልዳሕ ምባል ኣይግድን። ካብኡ ሓሊፉ ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ መሃመሊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዘይረብሓሉን ኣማስያኡ ሽሻይ ጓኖትን  ምኻኑ ጥራይ እዩ ዘብርህ።

ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ኵነታት ህዝቢ ኤርትራን፡ ውዲት ምልካዊ ስርዓት ህግድፍን፡ ካብ ድሮ ነጻነት ጀሚሩ ከመይ ከምዘሎ: መሪሕነት ውድባት ኣዳዕዲዐም ይፈልጥዎን ይግንዘብዎን እዮም። ነዚ ዘይግንዘብ ኤርትራዊ ኣሎ ክንብልውን ኣጸጋሚ እዩ። ህግዲፍ ነቲ ብጻማ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነት ስለዘይተዋሕጠሉ፡ እንሆ ኣብዚ እዋንዚ ሉዕላውነት ሃገር ብዝተፋላለየ ምስምስ፡ ማለት ሓንሳብ ኣሜሪካ ኣፋራሪሖምና ሓንሳብ ወያነ ቀኒኦምልና እናበለ፡ ኣብ ሓዲግ መዲግ ኣውዲቑዎ ይርአ ኣሎ። እሞ ከምዚ እናፈጸመ ንነብሱ ከም ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውራ ቆጺሩ፥ መሪሕ ሓርነትን ሰላምን ደሞክራስን ኮይኑ ክቐርብ ከሎ: ኣዝዩ ዘተሓሳስብ እዩ። እሞ እቶም መራሕቲ ውድባት ዝብሃሉ ከምዚ ኣናረእዩ፡ ምስ ህግዲፍ ብስዉርን ብቕሉዕን  ክዕረቑን፡ መተካእትኡ ክኾኑ ቀ꞉ልጭ ክብሉ ክትርኢ ከሎኻ ኣዝዩ ዘሕዝን ታሪኽ እዩ።

ንብትምክሕቲ ሰኺሩ: “ብዘይካይ ንሃገር ዘድሕናን ዝፈትዋን የልቦን“ እናበለ ዝዕንድር: ሕገኣልቦ ጭፍራ ሓቢርካ ክትሰርሕ ምሕላም: ዘሕንኽ ውራይ እዩ። ሃየንታውንዩ። ንህዝቢ ብናይ ሓሶት

መብጻዓታት እናገበርካ: ማኒፑለይት ምግባር: ካልእ ዝተላእኸካየ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምትግባር እንተዘኮኑ: ናይ ነገር ሓቂ ኣይኮነን።

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ዝብህጎ ዝነበረ ነጻነት፡ ኣብ ባርነት ተቐይሩ፡ ሰብኣዊ መሰሉ ተቐንጢጡን ተጋሂሱን፡ ጭቆና መተካእታ ዲሞክራስያ ገሩ ብቐስብ ከምዝቕበል ኮይኑ፡ ከም ኣቕሓ ሓራጅ ሓሲሩ፡ ዓዱ ተወሪሩን፡ መሬቱ ርስቱን ንሓለፍቲ መንገዲ ብዘይድልየት ዋንኡ ተሓርጁ፡ ሃይማኖቱ ተደፊሩ፡ ዘርምዘርሞ ኮይኑ እናተራገመ፡ መዓልቲ ሞቱ ዝቖጽረሉ ዘሎ እዋንዩ ኮይኑ ዘሎ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ሕቡን ባህላዊ መንነቱ ይኹን፡ ኣረ እቲ ዘይድፈር ክብሪ ደቀ ኣንስትዮ ዝነበረ፡ ሎም ኣብ ግዜ በጋሚንጾታት መራሕቲ ህግዲፍ፡ ብዘነውር ኣገባብ ይድፈር ኣሎ። ሎሚ ህዝብና እቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ብባህሪያዊ ዘጥረየ ዋንነት መሬት ብህግዲፍ ተሓዲጉ፡ ብህግዲፍ ተወኒኑ፡ ሎሚሞ ከኣ እቲ ካብ ኢድ ኣምላኽ ዝረኸቦ ዝነበረ ባህርያዊ በረኸት፡ ከም ኣየር፡ ከም ጽሩይ ማይ ይኹን፡ ከም ብርሃን፡ ወይ ከም ምቔት ጽሓይ ይኹን ብርሃን ወርሒ ዝኣመሰሉ፡ ብኩቦን ከይገዝኦ የፍርሕ ኣሎ። እታ ካብ ገዝኦም ንቤተክርስያን ዝኸዱላ መንገዲውን ብዋጋ ከይሸምትዋ ተፍርሖም ኣላ። ንኽትዛረበሉ ዘሕፍር ታሪኽ። ብኸምዚ ሓለትዚ እንብኣር ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ዘለው ንታሕቲ፡ ካብ ዝሞቱ ከኣ ንላዕሊ ኮይኑ የሕልፎ ኣሎ። ሕቶ ሰላምን ቅሳነትን ህዝቢ ከይመለስካ፡ ሓራ ኣውጽአካ እየ፣ ሃገር ኣመሓድር ኣሎኹ: ሃገር እሃንጽ ኣሎኹ፡ ጽርግያታት እኹዕት ኣሎኹ: እታ ባርነት ከምሓርነት ገርካ ተቐበላ፡ ክትብሎ ንተቓሊሱ ዘቃለስካ ህዝቢ። ክንደይኳ ዘስደምምዩ። እዚስ ዕብዳን ድዩ ወይ ጽላለ? እቲ ጽርግያታትከ ሰብ እንተድኣ ዘይሃልዩ መን ክዛወረሉ ኮንዩ? እስራኤላውያን ድዮም ወይ ኣመሪካውያን ወይስ ኢትዮጵያውያን? ኣቱም ሰባት እስከ ዓገብ በሉ!! ኣየ ህዝቢ ኤርትራ እሞ ዘራይ ዝኾኑዎ ውድባት ምስኣኑ ከኣ ተወሳኺ መርድእ እዩ።

## ኣሞ እቲ ፍታሕ እንታይ እዩ? ሓፉሽን መሰረትንከ እንታይ ይግበር????

ስለዚ እቲ ከም መንግስቲ ተቖጺሩ፡ መንግስቲ ኤርትራ እናተባህለ ካብ 1991 ክሳብ 2006 ዓ.ም ዝጽዋዕ ዘሎ ጭፍራ ህግዲፍ፡ ብኣፉ ዓዲ እሃንጽ ኣሎኹ እናበለ፡ ብተግባር ግን ዓዲ ከጥፍእ ብዓይንና ንርእዮ ብእዝንና ከኣ ንሰምዖ ካብ ሃሎና፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ እተን ተቓወምቲ ውድባት ኢና ዝብላ፡ ቍጽረን ካብ 18 ዘይውሕድ፡ ዕድመ ጭፍራ ህግዲፍ ንምንዋሕ ጥራይ እምበር፡ ካልእ ውቐይ ክውቅያ ካብዘይረኣናየን፡ እሞ ንሓዋሩኸ እንታይ ደኣዩ እቲ ፍታሕ?

ፍታሕ ብርእይቶና፡-

ኩሉ ህዝብናን እቶም ከይተሓለሉን ተስፋ ከይቖረጹን፡ ክሳብ ሎሚ ብድሕነት ዓድና ሃገርናን ኤርትራን ህዝባን ዝኣምኑ ደቂ ሃገር፡ ማለት ነቶም፡ መራሕቲ ውድባት ኢና ዝብሉ፡ ካብ ሎሚ ንጽባሕ ክምሰለሎም እዩ እናበሉ፡ ንመዋእል ክጽበዩ ዝጸንሑ፡ እሞ ለሚ ግን በቶም መራሕትናዮም ዝብሉዎም ካብ ተጠልሙ። ዝሓለፈስ ሓለፈ ኣይትድገመና ብይዝተረፈ፡ ሕጂስ ይኣክል፡ ኢሎም ካብታ ዝተረድኡላ ሰዓት ጀሚሮም፡ ብሓዲሽ ስትራተጂን፡ ብሓዲሽ ራእዩን ከይውዓሉን ከይሓደሩን፡ ተቓውሞኦም ብትብዓትን ብሓቦን ከርእዩ ንላበዎም። ማለት ንውዲት ተቓወምቲ'ና ብሃልቲ ኣለልዮም፡ ምስቲ ጕዱ ተቐሊዑ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ጭፍራ ህግዲፍ ለኪሞም፡ ካብ ዝባንናን ካብ ዝባን ህዝብናን ውረዱልና ምባሎም እዋኑ ዝኣኸለ ይመስል ኣሎም፡ ሃየ ብዘይ ተስፋ ምቕራጽ ኅበዝ ተሻሞ ንበል።

ዓውት ንህዝቢ ኤርትራን
ዓወት ነቶም ዘይሕለሉን ተስፋ ዘይቆርጹ ተቓለስቲ ደቂ ዓድና ኤርትራ

ይቕጽል